# ማዕከናት ዜና ብዝደጋግመኦ ዜና ሓሶት: ዝቕየር ሕብሪ የለን!

**ብዘርኣይ ሰሎሞን ዓባይ ብሪጣንያ**




ወለዲ ክምስሉ እንክለዉ:- “ተዛረበለይ ኣይ ከም ኣፍካን: ግበረለይ ኣይ ከም ኢድካን::” ኢሎም:: መሲልካ እንታይ ኣምጸእካ? እንዲዩ! ኣፍ እንክለና ክንዛረብ: የእዳው እንክለና ክንንቀሳቐስ ካብ ከኣልናስ: ንምንታይ ናብ ተዛረቡልናን ግበሩልናን ንጽበ:: ዝመስለና ካብ ደረት ሕግን ስርዓትን ከይወጻና: ሓሳባትናን መጽናዕትናን ዘይንጽሕፍ ካብ ዝብል መሰረት ኢየ ነዚ ምስላ ኣቕሪበዮ:: ምኽንያቱ:- “ምስ ተወቓዕካ ምንጽርጻር: ዝብኢ ምስ ከደ ሓጹር ምሕጻር:” ፋይዳ ንስለ ዘይብሉ::

ትማሊ: ሎሚ: ጽባሕ: ካብ ልቢ ዝነቐለ ክትዕ እንተዝጠማጠማ: ኣነ እሕይል: ኣይፋል ኣነ እባ ድኣ እንተዝበሃሃላ: መን ኮን ምረትዐት? ርግጸኛ ኢየ ኣብ'ቲ ጥምጥም: ሎሚ ዘመና ኮይኑዋ እትዕምጸን ኮይኑ ይስመዓኒ:: ግዳ በብሸነኹ ነናተን ሓይሊ ከይሃለወን ኣይተርፍን ኢዩ:: ከም ትማሊ ገይሩ ምስ ናይ ሎሚ ዝተጨበጡ ምንባር ዘራኽብ ክህሉ ኣይክእልን:: ከም ጽባሕ ብተስፋ ንማዕዶ ዘጠምት ‘ውን የለን:: ኣብ ትማሊ ታሪኽ ይስራሕ:: ኣብ ሎሚ ሕሉፍ ይስነድ:: ኣብ ጽባሕ ከኣ ግዜ የርክብ: እቲ ዝሓለፈ ግዳ ትዝታን ዝኽርን ውርሻን ይገድፍ:: ዓወት ገዚፍ ዓንኬል ኢዩ ዘለዎ:: ብዛዕባ ሰባት እንተኾይኑ: ሓደ ሰብ ኣብ ህይወቱ ዕዉት ኢዩ ክትብሎ እንተ ድኣ ኮይንካ: ብውሑዱ ኣብ ጉዕዞ ህይወቱ በዳህቲ ተባሂሎም ንዝጥቀሱ ሓይልታት ዝመልኽ ክኸውን ኣለዎ:: ብቐመር ህዝቢ ዝልካዕ ዓወት እንተኾይኑ ኸኣ: ንትምክሕቲ ዘይኮነ: ብህልው ውሽጣዊ ክውንነቱ ዓለም ፈሊማ ዳግማይ ከተተግብሮ ዘይከኣለቶ ዘለኣለማዊ ዓወት ዝተጓናጸፈ ህዝቢ እንተሃልዩ: ሓደ ህዝቢ ጥራይ ኢዩ:: ንሱ ኸኣ ህዝቢ ኤርትራ ኢዩ:: ካብ' ዚ ቀረባ እዋን ንደሓር: ብሕልፊ - ገለ ማዕከናት ዜና ዓለም: ‘ዜና ሓሶት’ (Fake News) ይንዛሕ ከምዘሎን: ከም ሞያ ተታሒዙ ኣብ ኣገደስቲ ጉዳያት ናይ ፈጠራ ወረ ዝዝርግሑ: ምንጭታት ተለኣኣኽቲ ዕሱባትን ይበራኸቱ ምህላዎምን ደጋጊመን ይሕብራ ኣለዋ:: ዜና ሓሶት ከኣ: ኣብ ሓደ እዋን ማሕታ ሂቡ ዝቕህም ኣይኮነን:: ንሓያሎ ዓመታት ብሞያውያን ምንጭታት ክስረሓሉ ዝጸንሐ ብምዃኑ: ምብዛሕ ምንጭታት ‘ዜና ሓሶት’: ከም ስነ-ኣእምሮኣዊ ውግእ: ወይ ኹናት ገይሮም ዝቼጽርዎ ወገናት ኣለዉ::

ተለቪጅን ኣልጀዚራ: ንኩነተ-ኩነት ፖለቲካ ኤርትራ ኣመልኪታ እትዝርግሖም ዜናዊ ሓበሬታታት: ምንጫ ኣብ ባይታ ካብ ዘሎ ክውንነታዊ ሓቂ ዝብገስ ዘይኮነስ: ኣብ ማሕፉዳኣ ካብ ዝኸዘነቶ ፖለቲካዊ ሕሳባት ዝብገስ ምዃኑ: ዝህረም ዘሎ ተርባጹ ዝማህመነ ከበሮ ዜናዊ ሓሶት ህያው ኣብነት ኢዩ:: ባይቶ ጸጥታ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ንባዕሉ: በቲ ብናይ ሓሶት ዜና ዝተፈብረከ: ኤርትራ 2000 ሰራዊት ናብ ሶማል ሊኢኻ ዝብል ናይ ሓሶት ዜና: ክሳብ ናብ ዘይፍትሓዊ ዝተስገደድ እገዳ ዘብጽሐ ምዃኑ: ገና ቐለሙ ዘይነቐጸ ናይ ትማሊ ጽዋ ኢዩ::

FCO ቤት ጽሕፈት ወጻኢ ጉዳያት ዓባይ ብሪጣንያ ኣብ ዘውጸኦ ናይ ዜናዊ ስትራተጂ ውጥን ስራሕ: ናብ ቢቢሲ (BBC) ዝቐንዐ ናይ 20 ሚልዮን ወጻኢ ብምግባር: ኤርትራ ንእትርከበን 11 ሃገራት ዜናዊ ሽፈነ ክገብረለን ኣሚሙስ: ድሮ ጀሚሩዎ ኣሎ:: እዚ ዜናዊ ናብ ኤርትራ ዝቐንዐ ሽፈነ' ዚ ብቛንቛታት ትግርኛ ዝፍኖ ኾይኑ: ኣብ ራድዮ ትግራይ ኦን ላይንን ዝነጥፉ ዝነበሩ ሓሙሽተ ትግራዎት ኣቢሉ ነቲ ናይ ቢቢሲ ትግርኛ መደብ 'ኳ እንተጀመሮ: ከም ቀዳማይ ዕላማ ናይ' ቲ መደብ: ናብ ኤርትራ ዝቐንዐ ብምንባሩ: ነቲ ኤርትራ እትኽተሎ ልምዓታዊ ዜናዊ ስትራተጂ ንምኽላፍን ምዝባዕን: ኤርትራን ኤርትራውያንን ኣብ ግዳም ይኹን ኣብ ውሽጢ: ብሕጽረት ዜናዊ ሓበሬታ ይሳቐዩ ከም ዘለዉ ኣምሲልካ ብምድዋን: ነቲ ሕቡእ ኣጀንዳ ንምትግባር: ላህጃ ናይ' ቲ ድሮ በቶም ትግራዎት መደብ ትግርኛ ቢቢሲ ተባሂሉ ዝፍኖ መደብ: ብኤርትራውያን ተቐባልነት ክህልዎ ከም ዘይክእል ምስ ተፈልጠ: ቢቢሲ ሓድሽ መደብ ፈነወ ትግርኛ ክምድብ ነይሩዎ:: ስለ ዝኾነ ኸኣ: ብኣላይነት ጋዜጤኛ ቢቢሲ ነበር ማርቲን ፕላውትን: ኣባል ፓርላማ ዓባይ ብሪጣንያ ነበር ኪኖክ **(Bar oness Ki nnock of Hol yhead)** ኤርትራውያን ክነሶም: ኤርትራዊ ሃገራውነቶም ዘህሰሱ: ብግዝያዊ ጥቕሚ ዝዓወሩ ሰባት ከናደዩ ነይሩዎም::



**>> ኤደን ሃብተሚካኤል**

ጌና ኣብ ሚኒስትሪ ዜና ኤርትራ: መደብ ፈነወ ትግርኛ ቲቪ ኤረ እንዳ ሰርሐት እንከላ ኢያ: ብሕጋዊ መንገዲ: ብመንግስቲ ኤርትራ: ብፍላይ ከኣ ብሚኒስትሪ ዜና ሓለፋ ተገይሩላ: ብወግዓዊ መንገዲ ንዓመታዊ ዕረፍቲ ናብ ሃገረ ጀርመን ንኽትበጽሕ: ብደረጃ መንግስቲ ቪዛ ተሓቲቱላ: ምስ ህጻን ጓላ ሌላስ ኣለም ናብ ጀርመን በጺሓ ክትምለስ ዝተላእከት::

ኢደን ሃብተሚካኤል ግን: ከም' ቲ እምነት ዝተነብረላ ኮይና ኣይጸንሐትን:: በቲ ብሕጋዊ መንገዲ ናብ ጀርመን ዝመጸትሉ ቪዛ ናብ ሃገረ እንግሊዝ ብምምራሕ: ኣብ እንግሊዝ ብመንግስቲ ኤርትራ ግፍዒ ከም ዝወረዳን: ኣብ ሚኒስትሪ ዜና ኣዝዩ ኣሰቃቒ ዝኾነ ናይ ስራሕ ጸቕጢ ይካየደላ ከም ዝነበረ ብምምሳል: ናይ ሓሶት ዝተፈብረከ ታሪኽ ብምስራሕ ኢያ: ኣብ ዓባይ ብሪጣንያ ፖለቲካዊ ዑቕባ ብምሕታት: ንቤት ጽሕፈት ስደተኛታት ዓባይ ብሪጣንያ ብምድንጋር: መንበሪ ስደተኛ ወረቐት ክትረክብ ዝኸኣለት:: ኤደን በዚ ኣየብቀዐትን: ንድኹም ጎንታታ ዘስተብሃሉ ተጻባእቲ ተጓይዮም ክገናዘዉላ ግዜ ኣይወሰደሎምን:: እታ ብግዝያዊ ረብሓን እዋናዊ ጥቕሚ ዝዓወረት ኤደን: ነቲ ብተጻባእቲ ኤርትራ ዝቐረበላ ጻዊዒት: ዓይና ከይሓሰየት ኢያ ተቐቢላቶ:: ክንዲ ዝኾነ ኸኣ: ሓንቲ ''ጉዕዞይ ኣብ ስደት'' እትብል ቅንጥብጣብ መጽሓፍ ብምድላው: ነቶም ዘይውዳእ ዝመስል ጉንዖ ዝመጠዉላ ዓሎቕቲ ንምሕጓስ: ነቲ ባዕሎም ኣዳልዮም ዝሃቡዋ ዝተሓናጠጠ መጽሓፍ ከም ኣቕራቢትን ጸሓፊትን ኮይና ከም እትስየመሉ: ስማ ኣስፊሮም ኣብ' ቲ ስደተኛታት ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ጉዕዞ ህይወት ተባሂሉ ዝግበር ጽንብል ስማ ሰፊሩዋ: ንምድዋን ህዝብን መንግስትን ሃገረ ኤርትራ ንኽጥቀምሉ ዝተሓባበረት:: እዚ ንህዝብን መንግስትን ኤርትራ ስሞም ንምድዋንን ምጥቃንን ክስርሓሉ ዝጸንሐ ዜና ሓሶት: ብኤደን ሃብተሚካኤል ዝተፈለመ ኣይነበረን:: ኣቐዲሙ ንታሪኽ ሰውራ ኤርትራ ዘይምስሉ ንምትሓዝ: ኣብ ጀርመን ብሓንቲ ኣብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ጽባሕ ነይረ እትብል **ሰናይት መሓሪ** ዝተባህለት: ብጀርመናውያን ተደሪሱ: ብስም ሰናይት ተጻሒፉ ዝተባህለ ፊልም ድራማ 'ውን ቀሪቡ ነይሩ ኢዩ::



**>> ሰናይት መሓሪ**

**ብዘይካ እዚ ' ውን: ንሓንቲ ካብተን ናይ ሓሶት ዜናን: መጽሓፍ ሓሶትን ዘቕረበት መስትያት ቤትና እትብል ዘዳሉ ዘካርያስ ክብረኣብ: ተመሳሳሊ መስርሕ ኣብ ጀርመን ዘካየደ ኢዩ::**



**>> ዘካርያስ ክብረኣብ**

ኤደን ሃብተሚካኤል: ምስ ሌላስ ጓላ ናብ ጀመርን ክትወጽእ እንከላ: ሌላስ ጓላ ህጻን ኢያ ነይራ:: ''ስም ይመርሕ: ጥዋፍ የብርህ'' እንዲዩ ነገሩ: ንምኋኑ ሌላስ ዝብል ስም ጓላ ትርጉሙ እንታ ኮን ይኸውን? እወ: እቲ ስም ብቛንቋ ኣምሓሪኛ ኢዩ ወጺኡ ዘሎ:: ትርጉም ሌላስ ብትርግኛ: ካልእከ? ከም ማለት ኢዩ:: ካልእ ድኣ 'ሞ:- ብዙሕ! ብዙሕ! ኣሎ:: ኤደን ሃብተሚካኤል ሎሚ ሓንቲ ካብተን ኣብ ናይ ሓሶት ዜና ተዋፊራ ትሰርሕ ዘላ ምኳና: ሓደ ካብ' ቲ ሎሚ እንዛረበሉ: ሌላስ! ማለት ካልእከ? ዝብል ዛዕባ ኢዩ:: ሕሜታ 'ኳ ክጸናብር እንተዘይደለኹ: ኣብ ግዜ ህውተታ ተስፋማርያም ወዲ ቫካሮ: እታ ብድሕሪ ወዲ ቫካሮ ኮይና ተውጠጢ ዝነበረት ኤደን ሃብተሚካኤል ምንባራ: ንዓይኒ ህዝባዊ ግምባር ዝተኸወለ ኣይነበረን:: ሞት ድኣ ቀዲምዎ 'ምበር: ወዲ ቫካሮ ንኤደን ሃብተሚካኤል ምስ ጓላ: መንበሪ ገዛ ክዕድገለን ኣብ መስርሕ ከሎ ኢዩ ሞት ቀዲማቶ:: ሌላስ? ምስ ወዲ ቫካሮ ዘለዋ ምትእስሳር: ካልእከ? ከይተስዕበልና::

**FCO: ቤት ጽሕፈት ወጻኢ ጉዳያት ዓባይ ብሪጣንያ: ናይ 20 ሚልዮን ወጻኢታት ብምግባር: ዜናዊ ሽፈነ ናብ ኤርትራ እትርከበን ሃገራት ንቢቢሲ ክምውል !**

እንከሎ: ነተን ምስ ኤርትራ ዝጠቐስወን ሃገራት: ናይ በለጽን ናይ ጥቕሚ ሕላገትን ዘሎዎም ተጻባእቲ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ምኳኖም ዝተመስከረሎም ባእታታት ኢዮም ክቐጽሩ መዲቦም:: ኤደን ሃብተሚካኤልን ሳሙኤል ገብሪሂወትን ኣብ ናይ ቀረባ ተመዛዚ ሳንዱቕ ተመዝሒቆም ክቐርቡ ዝተገብሩ: ንምኳኑ እቲ ኤደን ሃብተሚካኤል ካብ ሃገር ንኽትወጽእ ዝተዋህባ ሕጋዊ ቪዛስ ክቐርብ ዶ ይኽእል?

**ብዓጀባ ምበር ቅዳሕ ተመልከት: -**

FROM : "0000000000000000UIONW PHONE NO. : 000000000 APR. 17 2017 07:19PM P2

## ወሳዲ ሞግዚት ት/ዕድመ

ኣነ [illegible] ዕድመ 1971 30

ቁ·መንነት ፀ0069223 ኣድራሻ – ጎደና – ቁ·ገዛ ____

ዝኾንኩ ትሕቲ ዕድመ [illegible] ዕለት ልደት [illegible] 1998 (ምሳይ ሒዘዮ) ብፍቓደይ ይሰዶ ምህላወይን ብሓላፍነት ተሓታቲ ምኻነይን ብኽታመይ የረጋግጽ።

ዓወት ንሓፋሽ !

ክታም ወላዲ/ሞግዚት [illegible]

ዕለት 15/3/2009ዓ.ም [illegible]

ሃገረ ኤርትራ
ሚኒስትሪ ዜና

دولة ارتريا
وزارة الاعلام

*The State of Eritrea*

**Ministry of Information**

ዕለት Date 28/02/01 التاريخ
ቁጽሪ Ref. As/An/1716/01 المرجع

To The Italian Consulate
Asmara

The Ministry of Information of the State of Eritrea presents its compliments to the Italian Consulate and has the honor to inform you that our employee Mrs. Eden Habtemicael leaving to Germany and Italy. In order to visit private companies of interest. The Ministry of Information kindly asks your embassy to provide her an entry visa for 15 days.

Thank you very much for your kind co-operation.

The ministry of Information avails itself of this opportunity to renew to the Italian Consulate the assurances of its highest consideration.

Sincerely yours,

Tesfai Berhe
Administration Head

Ministry of Information

ሃገረ ኤርትራ
ሚኒስትሪ ዜና

دولة ارتريا
وزارة الاعلام

*The State of Eritrea*
**Ministry of Information**

15.02.01

ዕለት / Date 15/02/01 التاريخ
ቁጽሪ / Ref. As/An/1613/01 المرجع

ናብ፦ ኢሚግረሽን

ጉዳይ፦ <u>መውጽኢ ቪዛ</u>

ኣባል ሚ/ሪ ዜና ወ/ሮ ኤደን ሃብተሚካኤል ዓመታዊ ዕረፍቲ ወሲዳ ምስ ህጻን ጓላ ሊላስ ኣለም ናብ ጀርመን ክትበጽሕ ስለዝደለየት መውጽኢ ቪዛ ኪወሃባ ንሓትት።

ምስ ሰላምታ!

ተስፉይ ባርሀ
ሓ/ምምሕዳር

Ministry of Information

ቁ.ሳ.ጶ. 242
ተሌ. 11-71-11 - 11-87-11
ፋክስ 291-1-124847
ኣስመራ-ኤርትራ

P.O. Box 242
Tel: 11-71-11 - 11-87-11
Fax: 291-1-124847
Asmara -Eritrea

ص.ب. ٢٤٢
تلفون : ١١٧١١١ - ١١٨٧١١
فاكس: ٢٩١-١-١٢٤٨٤٧
اسمرا - ارتريا

ኣብ' ዚ ሕጂ እዋን: መንግስቲ ብሩንዲ ብወግዒ ንሽዱሽተ ወርሒ: ንፈነወ ድምጺ ኣሜሪካን ፈነወ ቢቢስን ኣብ ሃገራ ከይስማዕ ኣጊዳተን ኣላ:: መንጾሮር ኮይኑዋ ዘሎ ወያነ 'ውን: ንመደበር ድምጺ ኣሜሪካ: ናብ ሃገራ ከይስማዕ ክንደይ ግዜ ጃም ንምግባር: ሓይል ፈተነታት ከም እተካይድ: ናይ ኣደባባይ ሚስጢር ኮይኑሉ ኣብ ዘሎ እዋን: ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ 'ውን: ንመደበር ቴለቪጅን ኣልጀዚራ ክትዕጾ: ወይ ክትርገጥ: ናብ መንግስቲ እታ ሃገር ክንደይ ግዜ ደብዳቤታት ከም ዝተጸሓሓፉን: ናይ ቃላት ምውርዋር ከም ዘካየዳን: ኣብ ማዕከናት ዜና ክንሰምዖ ዝጸናሕና ሓቂ ኢዩ::

እቲ ብህዝቡን መንግስቱን ዝሕበን ህዝቢ ኤርትራ ግን: ብዝቐረበ መንገዲ ይቕረብ: ነቲ ናይ ሓሶት ዜናን ወረን ኣቓልቦ ሂቡ ሓሚሙሉ ኣይፈልጥን:: ሕጂ 'ውን ኣነ: ስለ ዝሓመምክሉ ኣይኮንኩን ብጽሑፍ ዝውቅጠሉ ዘለኹ: እንታይ ድኣ: ነቲ ቢቢሲ (BBC) ኣብ ኤርትራ ሕጽረት ሓበሬታ ኣሎ ኢሉ: ኣድብዮም ንዝጸንሑ ናይ ፖለቲካ ዓሎቕቲ: ስምዒት ህዝቢ ናብ ዕላማኦም ንምቕያር ክጥቀሙሉ ከም ዝኽእሉ ኣብ ግምት ብምእታው: ንምቅልዑ ዝዓለመ ኢዩ መልእኽቲ ጽሑፈይ:: እንተዘይኮይኑ መንግስቲ ኤርትራ: ኣብ ልምዓታዊ ዜናዊ ስትራተጂ ዝተሰረተ መትከል ተኸቲሉ መደባቱ ስለ ዘተግብር: ኣብ ኤርትራ ሕጽረት ሓበሬታ ዝብሃል የለን:: ብዝኾነ ኣካል ዝመሓላለፍ ናይ ሓሶት ዜና ይኹን ካልእ ዝተቐናበረ: ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ዘሎ ህዝቢ ኩሉ ኢዩ ዝሰምዖ::

ንምኻኑ: እዚ ሳክትዚም ዝብሃል ሰብ መን ኢዩ:: መንነቱ ክቃላዕ ዘለዎ ወዲ ሕድርትና ኢዩ:: ሓቀኛ ስም ሳክትዚም: **ግርማጼን ባይራይ** ይብሃል:: ትውልዱ ዓዱ ከባቢ ካርነሽም ኮይኑ: ኣብ 1984 ናብ ህዝባዊ ግምባር ሓርነት ኤርትራ ዝተሰለፈ ግርማጽዮን ባይራይ: ግቡእ ወትሃደራዊ ታዕሊምን ፖለቲካዊ ትምህርትን ድሕሪ ምቕሳሙ: ኣብ እዚ ግምባር ናቕፋ: ቤት ጽሕፈት መስፍን ሓጎስ: መጀመርያ ከም ማሕዮ: ኣብ ዝቐጸለ ኸኣ: ከም ሓለዋ ኮይኑ ክሳብ ዕለተ ነጻነት ድሕሪ ምግልጋሉ: ኣብ እዋን ነጻነት ድሕሪ ዝተኻየደ ናይ ሓድሽ ናይ ሰባት ምደባ: ኣባል ሓለዋ ቤት ጽሕፈት ፕረዚደንት ኢሰያስ ኣፈወርቂ ኮይኑ ዝመጸ ኢዩ ግርማጼን ባይራይ::

**ግርማጼን ባይራይ** (ሳክትዚም): ኣብ 2009 ብስራሕ ናብ ቐጠር ምስ ተንቀሳቐሰ ኢዩ: ኣብ ቐጠር ናብ ዝርከብ ኤምባሲ ኢትዮጵያ ኢዱ ዝሃበ:: ገዚፍ ዓሳ ዝጀለበ ዝመሰሎ ወያነ ኸኣ: ንግርማጼን ባይራይ (ሳክትዚም) ተቐቢሉ ቓለ-መሕትት ኣብ ዝገበረሉ እዋን ዝሃቦ ሓበሬታ: "ህዝቢ ኤርትራ ብሓለንጊ ጥሜት እንዳተገርፈ እንከሎ: ኣብ ኣስመራ ስጋ ከም መድሃኒት ኣብ ዝቑጸረሉ ዘሎ ግዜ: ፕረዚደንት: ንሓለዋ ዝኾነኦ 20 ደማሙ ብምፍራይ: መዓልታዊ 40 ኪሎ ጮማ ስጋ ብትእዛዝ ከም ዝቐርበለን ይገብር ኣሎ:" ክብል ኢዩ ናይ ፈለማ ምህዞኣዊ ሓሶት ዜና ዝዘርገሐ:: ሎሚ ከኣ ግርማጼን ባይራይ (ሳክትዚም): ከም መጸዋዒኡ (ሳክትዚም):- ናይ ብሓቂ መሬት ተጸለልለይ በሊ: ጽላለ ምሽ ጽባቐ ኢዩ::
ቢሕቓይ ቢሒቑ: ከይስንክቶ ሓቑቑ:
ባዕለይ ዝሰቐልክዎ: ካን ከይዱ ሪሒቑ:
ፍሩይ ንፋሰይ ከየሚመቐኒ ደቒቑ:: እንዳበለ:- ወያነ ካብ' ቲ ኣጻጽየ ረኺበዮ እትብሎ ሓበሬታ ብምውስሳብ: ነቲ ከም መነባበሪ ስራሕ ሒዝዎ ዘሎ ኣማኒኤል ኢያሱ ራድዮ ሓሰና ብምውህሃድ: ወያነ ብዝሃብው ዝነብሩ መምርሒ ብሓባር ዝሰርሑ ኢዮም።

**ማርቲን ፕላውት** ጋዜጤኛ ቢቢሲ ነበር: ኣባል ፓርላማ ዓባይ ብሪጣንያ ዝነበረት ኪኖክ (**Baroness Kinnock**) : **ንሳሙኤል ገብሪሂወትን ኤደን ሃብተሚካኤልን** ናብ መደብ ፈነወ ትግርኛ ቢቢሲ BBC ከስርሕዎም እንከለዉ: እቲ ዳንኬራ



**ነቲ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዝካየድ ናይ ሓሶት ዜናታት ንምፍብራክን: ንዘየለ ጉዳያት ኣነጺርካ ምድማቕን ኢዩ ነይሩ:: እቲ ዕላማ ንምዃኑ ነቲ ናይ ቢቢሲ ( BBC) መደባት ጽሑፍ መን ኢዩ ዘዳልዎ ዘሎ? ብሓደ ነጻ ኣካል ዲዩ ዝዳሎ ዘሎ? ኣይፋሉን: :**



**>> ሳሙኤል ገብሪሂወት**

እቲ ምድላው: ተጸጽዩ ብሳሙኤል ገብሪሂወት ኢዩ ዝዳሎ ዘሎ:: ነዚ ንምድማቕ ከኣ: ኩሎም እቶም ጫፍ ኣጻብዕቶም ጥራይ ዘይኮነ: ሕብሪ ደሞም ከይተረፈ: ኣንጻር ህዝብን መንግስትን ኤርትራ: ኩለንትናዊ ተጻብኦታት ዝሰርሑ ዑሱባት: ወትሩ ብቕድሚት ምስ ተሰርዑ ኢዮም:: እዚ በብሸነኹ ብዝተወሃሃደ መንገዲ: ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዝካየድ ዘሎ ዜና ሓሶት: ኣብ ካናዳ ብዝመደበራ ጋዜጣ ፍትሒ **ብኣሮን ብርሃነ**:: ብዶብ ኣልቦ ጋዜጤኛታት እትመሓደር: ኣብ ፈረንሳ ዝመደበራ ብጋዜጤኛ ቲቪ ኤረ ዝነበረ **ብንያም ስምኦን** እትካየድ ራድዮ ኤረና:: መለቀብታ ናይ ራድዮ ኤረና ኮይና እትነጥፍ ሾው ቲቪ ካብ ጀርመን: **ወይኒ ሱሌማን**:: ካብ ማእከል መደበር ወያነ እትፍኖ: ብወያነ እትምወል **ተስፋት ኣብርሃ** ዘመሓድራ ኣለና ቲቪ:: ካብ' ቲ ብዙሕ ሒደት ዝርዝር: ናብ ኤርትራ ዝቐንዐ ዜና ሓሶትን: ድራማዊ መልክዓትን ቃለ መሕትታትን ዘካይዳ መደበራት ኢየን::

ንምዃኑ ካብቶም ቢቢሲ ዘስርሖም ዘሎ ሰባት **ሳሙኤል ገብሪሂወት** መን ኢዩ? ሳሙኤል ገብሪሂወት: ኣብ 1981 ናብ ህዝባዊ ግምባር ዝተሰለፈ ኮይኑ: ድሕሪ ነጻነት ኣብ ሚኒስትሪ ዜና ምድላው ጋዜጣ ተመዲቡ ዝነበረ ተጋዳላይ ኢዩ:: ሳሙኤል ገብሪሂወት ክቱር ስስዐ ዘለዎ: ብባህሪኡ ብስስዐ ዝዓወረ: ንጥቕሚ ክብል ድሕር ዘይብል ፍጥረት ኢዩ:: ሳሙኤል ብጽኑዕ ምስ ሓመመ: ሚኒስትሪ ዜናን ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ህግደፍን: ተሓኪሙ ንኽምለስ ብማለት ናብ ወጻኢ ሃገር ናብ ጣልያን: ኣብ 2002 ምስ ተላእከ: ክሳብ እታ ረብሓ ገንዘብ ዝረኽበላ ኣጀንዳ ዝሰርዕ: ምስ ዘለዎ ባህሪ ንብዙሓት ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ሃገረ ጣልያን: ክኾነክን ኢየ ብማለት ብገንዘበን ዝነብር ዝነበረን: ኣብ ፈቐዱኡ ቅሙጣት ኣንስቲ ዘጻጺ ዝነበረ ኣብ ርእሲ ምዃኑ: ድሕሪ 2009 ምስግዳድ እገዳ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ: ሓንሳብን ንሓዋሩን ዘብቅዑ መሲሉዎ: ናብ ደምበ ወቐርትን ጠቐርትን ዝተጸምበረ: እዱድ ስሰዐ ዘለዎ: ምእንቲ ርውየት ስሰዐኡ: ህዝብን መንግስትን ሃገርን ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ዘእቱ ዘሎ በለጸኛ ኢዩ:: **ሳሙኤል ገብሪሂወት** ብጉልባብ ምትእኽኻብ ተጋደልቲ ኣብ ዓባይ ብሪጣንያ: ተጋደልቲ ኣኪቡ: ብስም ተጋደልቲ ካብ መንግስቲ ዓባይ ብሪጣንያ ድጎማ ገንዘብ ብምሕታት: ጁቡኡ ዘኻዕብት: ኪኖ ጁቡኡ ምምላእ ዝኾነ ቅንጣብ ስቅያት ህዝቢ ኤርትራ ዘየሕሙሞ: ''ክበልዕ ዝደለየ ገደል ኣፉ'' ከም ዝብሃል: ብወያነ ንኽምወል ጥራይ ዘይኮነ: ንእከይ ስርሓቱ **ብሃይለ መንቆርዮስ** ተባሪኹሉ: ኣብ እዋኑ መሳርሒ ነቶም ዝተኣኻኸቡ ስብርባር መንእሰያት ጉጅለ ኣዋሳ መጸገኒ ክኾኖም ብማለት: ካብ ደሞዘይ ኢሉ **ሃይለ መንቀርዮ 250, 000 ዶላር** ዝወፈየሎም እዋን: ካብ ዝተማቐሉን ዝተኻፈሉን ናይ ኣዋሳ መሰልቱ ድርቂምቃም ገንዘብ ዝሃይማኖቶም ኢዩ ሳሙኤል ገብሪሂወት::

**ሳሙኤል ገብረሂወት**: ኣቐዲሙ ምስ **ራድዮ መድርኽ** ክነጥፍ ዝጸንሐ ኮይኑ: ናብ ራድዮ ቢቢሲ (BBC): ብሕርያ ፖለቲካዊ ዝናብለኡ ተመዚኑ: ልክዕ ከም **ኤደን ሃብተሚካኤል** ብሕርያ: ብመንገዲ ማርቲን ፕላውትን ኪኖክ: ነቲ ዝድለ ዘሎ ዕላማ ንምውቃዕ ተባሂሎም ዝተቖጽሩ:: ኣብዚ ሕጂ እዋን ኣብ ከንያ (Nairobi) ኮይኖም ነቲ ናይ ቢቢሲ (BBC) መደባት ዘመሓላልፉ ዘለዉ ኢዮም:: መደባት ፈነወ ቢቢሲ ናብ ኤርትራ: ኪኖ ዓሎቕን ሓሶት ዜናን ካብ ምኳን ሓሊፉ: ካልእ ዝፍይዶ ፋይዳ ኣይክህልዎን ኢዩ:: ህዝቢ ከኣ ነዚ ብዝግባእ ክግንዘቦ ኣለዎ ይብል::

ሎሚ ሳሙኤል ገብረሂወትን ኤደን ሃብተሚካኤልን: ያኢ ንጽምኢ ሓበሬታ ህዝቢ ኤርትራ ከርውዩ ተባሂሎም: ኣብ ቢቢሲ ፈነወ መደብ ትግርኛ ክሰርሑ እንከለዉ: ካብ ዝመሓላልፉዎ ዘሎ ጽሑፋት: ነቲ ወያነ ባዕሉ ዓው ኢሉ ከድምጾ ዘይከኣለ: ንስምምዕ ኣልጀርስ ዝቕይር ሕቡእ ኣጀዳ ወያነ: ብጉልባብ ህዝቢ ምስ ህዝቢ: ነቲ ወያነ ብበዓል ፕሮፌሰር በረኸት ሃብተስላሴን: ፕሮፌሰር ተስፋጼን መድሃኔን ዘጓውሕዎ ዘለዉ:: ሕቶ ኣንድነት: ምልሓቕ ኤርትራ ናብ መግዛእቲ: ድራማዊ መልክዕ ብዘለዎ ጽሑፋት ዘጋውሑ ዘለዉ ኢዮም::

ገለ ዝተገርሁ ኤርትራውያን: በቲ ቢቢሲ (BBC) ዝብል ዕብየትን ስም ተደናጊሮም: ከም በዓል ህቡብ ድምጻዊ ኢሰያስ ደበሳይ ቃለ መሕትት ገይሮም ኢዮም:: ኢሰያስ ደበሳይ ግን: ነቲ ውዲት ናይ ቢቢሲ መደብ ትግርኛ ኣይተገራሃሉን:: ኣገናዕ ዘብል መልሲ ሂቡ ኢዩ ቀቲልዎ:: እቶም ሃገራውያን ኤርትራውያን ኣብ ምንታይ ንቐርብ: ምስ መን ቃለ መሕትት ንገብር ምፍላጥ ከድልየና ኢዩ:: ኣብ ቱርኪ ተመዲቡ ዝነበረ **ብኣስራር ቶቲል** ዝተሓሰበ ፌስቲቫል: ዕላማኡ እንታይ ምንባሩን: ንኽንደይ ግሩሃት ናይ ምግጋይ መስርሕ ከም ዝነበሮን: ናይ ትማሊ ተዘክሮ ኢዩ:: ፈነወ ትግርኛ ቢቢሲ 'ውን ብጉልባብ ህዝቢ ምስ ህዝቢ: ብመዝሙር ሰላም ዝብል መደብ: ገርሀኛታት ንምግጋይ እዱድ ዘመተ ተተሓሒዝዎ: ናይ ሓሶት ዜና ንምዝርጋሕ: ኣብ መደብ ከም ዘሎ ምፍላጥ ኣገዳሲ ኢዩ ይብል::

ኣብዚ ናይ ሓሶት ዜና: ናይ ሓበሬታ ሓቅነት ዘረጋግጸ መርበባት ሓበሬታ: ነቲ ኩነ ተባሂሉ ዝተዘርገሐ ዜና ሓሶት ኣብ ምቅላዕ ግደ እኳ እንተነበረን: ምስ' ቲ ዋሕዚ ሓበሬታታት: ናብ ህዝቢ ከይበጽሐ ኣብ ምብርዓኑ ከበርክተኦ ዝኽእላ ዕድላት ጸቢብ እዩ ነይሩ:: ዜና ሓሶት ካብ ናይ ዳእላን ጭርቃንን ዜናታት ዝተፈልየ: ናብ ፖለቲካዊ ወይ ቁጠባዊ መኽሰብ ዝጠመተ: ሓቂ ዝመስል: ገለ ወገናት ንምግጋይ ተባሂሉ ፍሉጥ ሸቶ ካብ ዘለዎም ምንጭታት ዝፍኖ እዩ:: እተን ናብ ኤርትራ ዝቐንዐ ናይ ሓሶት ዜና ማእከላት ከኣ: መኸሰበን ኣብ መርበባተን ካብ ዝበጽሑ ሰማዕተንን: ተኸታተልተንን ኢዩ:: እዚ ኸኣ ላይክ ብምግባር ዝረኽበኦ ናይ እትዋት መስርሕ ኢዩ ዝካየድ:: ነዘን ናይ ሓሶት ዜና ማእከላት ከኣ: ህዝቢ ኤርትራ ካብ ምስዓበንን ምክትታለንን ኢዱ ክሕጽር ጥራይ ኢዩ ዘለዎ::

ህዝቢ ንምልዕዓል፡ ኣብ ህዝቢ ጸላዊ ስምዒት ንምሕዳር፡ ጌጋ ሓበሬታ ብምሃብ ጌጋ ውሳነን ድልየትን ከምዝፍጠር ንምግባር: ማዕከናት ዜና ሓሶት ቈይመን ንሓያሎ ዓመታት ክሰርሓ ምጽንሐን ፍሉጥ ኢዩ:: እቲ ምንጪ: ናይ ዝኾነ ሻራ ዘይብሉ ንጹህ ማዕከን ሓበሬታ መሲሉ ስለ ዝቐርብ: ቀልጢፍካ ከተለለዮ ኣጸጋሚ እዩ ኣብ መንጎ ስጳኛን ኣመሪካን ኣብ 1889 ዝተወለዐ ውግእ: ዘይጭቡጥ ሓበሬታ ብዝዝርግሑ ጋዜጣታት ካብ ዝተጻሕፈ ዜና ዝተበገሰ ምዃኑ መዛግብቲ የረድኡ:: ኣብ ዘመንና እውን: ከም ምንጪ ናይ ሓሶት ዜና ዝርቍሑ ዓበይቲ ማዕከናት ዜና ምዕራብ ኣይተሳእኑን:: ብፈይስቡክ ዝተዘርገሐ ናይ ሓሶት ሓበሬታ: ኣብ ውሽጢ ቍሩብ ሰዓታት ብኻልኦት እናተቐድሐ: ናብ ዓበይቲ ማዕከናት ዜና ክበጽሕ ይኽእል:: ካብ ጋዜጣዊ ስነ-ምግባር ወጻኢ ዝኾነ ልምድታት: ዘበናውያን መራኸቢ ብዙሓን ቅድሚ ምምሃዞም: ንኣማኢት ዓመታት ክረኣዩ ጸኒሖም እዮም:: ናይ ፈጠራ ዜናታትን ልብ-ወለዳዊ ቃለ-መሕትታትን: ከም' ቲ **ኣማኑኤል ኢያሱ** ኣብ ራድዮኡ ራድዮ ሓሰና: ኣብ 2009 ካብ ውሽጢ ኣስመራ ኢሉ ዘመሓላለፎ ናይ ፈጠራ ቃለ-መሕትት: ከም ናይ ሓቂ ኣምሲልካ ምቕራብ: ኣብ ዙርያ ውልቀ-ሰባት ዝተጋነነ ብቕዓትን: ፍሉይ መንነትን ፈጢርካ ምዝርጋሕ ካብ ቀደም ኣትሒዙ ክረአ ዝጸንሐ እዩ::

ኣብ' ታ ልምዓታዊ ዜናዊ ስትራተጂ እትኽተል ኤርትራ ግን: እዚ ልዕል ክብል ዝተጠቕሰ ዜናዊ ሓሶት ኣይሰርሕን ኢዩ:: ህይወት እናቐረጽካ: ህይወት ኣይጥጥዕን ኢዩ:: ነዛ ኤርትራ: ኤርትራ! ኤርትራ! ንኽትሸትት ኣብ ዝካየድ ዝነበረ ቓልሲ ንዓወት ዘብጽሐ: ዓለም ሃኒጻ ዘይሰርሓቶ ብረት እንተነይሩ: ሓድነትን ጥምረትን ህዝቢ ኤርትራ ኢዩ:: በቲ ዘይብልና ዲና ንሓስብ ዘለና: ዋላስ በቲ ዘሎና ኢና ንመዝን ዘለና: ወይ 'ውን ብኽልቲኡ: ነስተብህል'ሞ ለይትን መዓልትን በቲ ዘይብልና ነገር ስለ ዘማረርና እንታይ ከነተግብር ንኽእል?

ብዛዕባ ዘይብልና ነገር ቅድሚ ምሕሳብና ብዛዕባ ዘለና ነገር ምስትንታን ግን ኣዝዩ ጠቓሚ ይመስለኒ:: እንሓንሳብ ምሉእ ግዜና ብዛዕባ ዘይብልና ነገር ጥራይ ክንሓስብ ነሕልፎ'ሞ: ነብስና ኸኣ ዋል ሓንቲ'ኳ ዘይብላ ባዶ ፍጥረት ኮይና ትስመዓና:: ቅድም ቀዳድም ብዛዕባ ዘለና'ሞ ንሕሰብ:: ነቲ ዘለና 'ውን በቲ ህልው ክውንነቱ መዚንና ንወግኖ:: ምኽንያቱ ሓሳብ ቀንዲ ምንጪ ሓይሊ መጻኢና ስለ ዝኾነ:: ቅድም ብዛዕባ ዘለና'ሞ ንሓስብ: ደሓር ዘገም ኢልና ናብ'ቲ ዝተረፈና ንሰግር:: ንወዲ ሰብ ንድሕሪት ዝመልሶ

ረቛሒታት እንተሃልዩ: ኣቐዲሙ ኣብ ክንዲ ብዘለዎ ጸጋታት ኣስፊሑ ዝሓስብ: ወትሩ ብዛዕባ ዘይብሉ ጸቢብ ሕልማዊ ኩነታት ዝሓስብ ምኳኑ ኢዩ::

ትማሊ ነዚ ሓድነትን ጥምረትን ህዝቢ ኤርትራ ንምፍራስ: ከም ዘይንደል እምኒ ዓረ ተሪር እንተነይሩ: ሎሚ ፈርከሽከሽ ንኸተብሎ ምሕላን ጥራይ ዘይኮነ: ምሕሳቡ ‘ውን ከንቱ ናይ ከንቱነት ፈተነ ኢዩ::

ምኽንያቱ: ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ናይ ግዜ ትሕዝቶ ኢዩ ተፈጢሩ: ግዜ ባዕሉ ከም ፈለግ ተሰኪምዎ ኢዩ ተጓዒዙ: እቲ ፈለግ ግን ህዝቢ ኤርትራ ባዕሉ ኢዩ ነይሩ:: ግዜ ዝውሕጦ ዝነበረ ነብሪ ኢዩ ነይሩ: እንተኾነ ግን እቲ ነብሪ ባዕሉ ህዝቢ ኤርትራ ኢዩ ነይሩ:: ግዜ ዘህልኾ ባርዕ ሓዊ ኢዩ: እቲ ባርዕ ሓዊ ግን ባዕሉ ህዝቢ ኤርትራ ኢዩ ነይሩ::

ኩሉ ነገር ግዜ ኢዩ ዝጠልብ:: ንሱ ኸኣ እቲ እንኮን ሓቀኛን ኩነት ኢዩ:: ኩሉ ስራሕ ኣብ ስርዓተ ግዜ ይፍጸም:: ግዜ ድማ ይጥቀም:: እንተኾነ ሰባት: ነዚ ኣገዳሲ ዘይትካእን ብርቅን ዝኾነ ሃብቲ: ኣብ ቁጽሪኳ ኣየእትዉዎን:: እቶም ዕውታት ኣካየድቲ ስራሕ ግን: ብዘይካ ኣብ ግዜ ዘለዎም ፍቕርን ኣተኣላልያኡን: ካልእ መፍለዩ ረቛሒታት የብሎምን::

ነቲ ናይ ትማሊ ዝነበረ ግዜ: ብትማሊኡ ኣቐሚጡ ዝተማህረሉ ህዝቢ እንተሃልዩ: ሓደን እንኮን ህዝቢ ኤርትራ ኢዩ:: ዓለም ብዓለማ ብዘይ ዙርያ ምላሽ እናተበራረየት ክትድህኮ እንከላ ኣጆካ ዝበሎ ሓይሊ እንተነይሩ: ንያቱ! ጽንዓቱ! ተወፋይነቱ! ጅግንነቱ! መኸተኡ! ኩለንትናኡ! ኣብ ልዕሊ በሪኽ ናይ ዝበረኸ ተኾይጡ ዝተረባረበሉ እንተነይሩ: ዘይክማህን! ዘይንቕነቕን! እንኮ ሓድነቱ ኢዩ ነይሩ:: ሓድነቱ ኣብ ብዙሕነቱ ወሪቑ: ግርማኡ ዘጸበቐን: ሉኡላውነቱ ኣብ ማሕበረ-ሰብ ዓለም ዘረጋገጸን ህዝቢ ኢዩ! ህዝቢ ኤርትራ!!!::

ግጉይ ሓበሬታ ብስዉራት መደበራት ጥራይ ኣይኰነን ዝዝርጋሕ:: ብዓበይቲ ናይ ዝማዕበላ ሃገራት ትካላት እውን ብግሁድ ይፍኖ እዩ:: ገለ ኣብ ምትህልላኽ ዝርከባ ዓበይቲ ሃገራት እውን: ናይ ሓበሬታን ጸረ-ሓበሬታን መደበራት ኣለወን: እቶም ብመደብ ኣንፈትካ ዘስሕት መጋገዩ ሓበሬታ ዝዝርግሑ ጉጅለታት: ወይ ውልቀ-ሰባት: ኣድራሻኦም ብቐሊሉ ስለ ዘይርከብ: ትሮልስ (ኣጋንንቲ) እናተባህሉ ይጽውዑ:: መብዛሕትኡ ግዜ ትሮልስ ዝዝርግሕዎ ሓበሬታ: ናብ ነድርን ቁጠዐን ዝድርኽ ጸርፍን ምንሻውን ዝሓዘለ እዩ::

ኣብ መደምደምታ: እቲ ልምዓታዊ ዜናዊ ስትራተጂ ዝኽተል መንግስትን ህዝብን ኤርትራ: በዚ ከይፈለመ ዝበርዓነን ዝተሳዕረን ናይ ሓሶት ዜና: ዝርዕዱን ዝሻቐሉን: ኣድህቦ ሂቦም ላዕልን ታሕትን: ተኣንጎት ተሸብሺብ ዝብሉሉ ጉዳይ ዘይምኳኑ ከነጽር እንከለኹ: እቲ ብመትከል ዜናዊ ልምዓታዊ ስትራተጂ ተመሪሑ ዝሰላሰል ዘሎ ኩለንትናዊ መዳያት ልምዓትን ህንጸትን ብልጽግናን ኤርትራ: ሕመረቱ ካብ ህዝቢ! ንህዝቢ! ብህዝቢ! ክሳብ ዝኾነ: ዘሻቕል ጉዳይ የብሉን:: ንህዝቢ ግዳሴ ከሕድረሉ ምግባር ከኣ: መሰረት ዜናዊ ልምዓታዊ ስትራተጂ ዝኽተሎ: ናይ ንቓሕ!!! ተወደብ!!! ዕጠቕ!!! መሰረት ሕመረት ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ህዝባዊ ግምባር ኢዩ::

ዘርኣይ ሰሎሞን
ዓባይ ብሪጣን